**ምሳይ ጽንሒ**

ግደፋ እዛ ዓዲ ረስዓያ
ካብ ልብኻ ምሒቕካ ኣውጻኣያ
ስጕን፡ ኔው በላ፡ በላ ብያ
ብምንታይ ኢያ‘ሞ ሰሪሓ ክትብሃል ዓያ
ሃሊኻ፡ ደይባ፡ ጐያ
ሓሪሻ፡ ጐልጒላ፡ ጸጊኣ፡ ጻህዪያ
ቀውዓ ኣቖንጺባ ዓውዳ ኣጨቅያ
ደቃ በእላፋት ኣጥምያ
እንሃ ከም ገልዒ ትጕሓፍ ተደርብያ

ኣብ መዓሙቕ ልበይ ተሰኹዓ
ከም ብሮት ትነብር ምስ ሰጋይ ጠቢቓ
ሕቖይ እንተሃብክዋ ትጥወ ብፊተይ መጺኣ
ጽላሎታ ትኸይድ ምሳይ ተጸጊዓ
ትምኒተይሲ ነይሩ ክበልዕ ልግዔዓ
በእዳዋ ዝተሓሰየ እቲ ምቁር ሕሾኣ
ተሻቕጡ ምስተሓፍሰ እንጣጢዓ
ኣየወ ተሃንጠኹ ክርኢ ኣበብኣ
እቲ ናታ ሕጻ፡ እቲ ናታ መርዓ
ከም ነጋዲት ደብረ ሲና ገበርኩ መብጻዓ
ኣብ ዳሳ እቶ በለትኒ ኣዕሩኻ ጸዊዓ
ዘክሮ በለትኒ ቃላት ኣጻዕጺዓ
ኣኺሉ‘ዩ ቃልና ንጽሕፈሉ ብብርዒ ናይ ጭዓ

ጉዳም እባ እዚኣስ ዘይብላ ናየደ
ከብዳ ተሪር ኣእማን ዝወለደ
መቓብራ ዓሚቝ ኣትማን ዘእንገደ
ደቃ ኣብ መጉእ ትድህኽ በብሓደ
ኣእዳዋ ከም ምራን ቍራባዓት ዝላደ
ከመይ ጌረ‘የ‘ሞ ክብላ ኣነ ኣደ
ግፍዒታታ ካብ ነደረ ካብ መንጐደ
ልሳናን ግብራን ከቶ ዘይቃደ
ልባስ ሕሱም‘ዩ ምስ ሓንገደ
ብመስኤኣ ትጭሕግሮ ንዘንቀደ
በቲ ርሱን ኮንተይነራ የለን ዘይነደደ
ኣሉ እንተበልኩም እኽሕስ፡ እዕደ
መንካዕ እኳ‘ሎ ኣብ ሳሕል ዝተሓርደ
ብሓለዋ ሰውራ ኣብ ጋቢና ምስተዓብጠ
ሰብ የለን ካብኣ ዝሃደመ፡ ብሂወት ዘምለጠ
መዘዛኣስ ብዙሕ‘ዩ ዘይተፈልጠ
ወትሩ እንዳበለት ክፈል፡ ብሂወት ተዓደ
ኣምሳዩኡ ገበረቶ ህዝበይ መሬት ዝዘበጠ
ኣንቃዕሪሩ ክጥምታ ንሓርነት ተዋረጠ

ሰለሙን ይከኣሎ
ሓምለ 2017